# ደሃይ ካብ ኤርትራ

ምንጪ ኣሰና.ኮም፡ 16 ታሕሳስ, 2008

## ኮለኔል ተስፋልደት ስዩም

ሓደ ካብ'ቶም ብ ጉጅለ 15 ዝፍለጡ ኮለኔል ተስፋልደት ስዩም የማናይ ክፍሊ ኣካላቱ ስለዝለመሰ (ፓራላይዝ ስለዝኾነ)፡ ካብ 14 ታሕሳስ 2008 ጀሚሩ ኣብ ሆስፒታል ሓይሊ ኣየር ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ሓለዋ ይሕከም ኣሎ። ብዘይካ ዶክተር ሃይለ ምሕጹንን ሓደ ካብ ኩባ ዝመጸ ሓኪምን ዝኾነ ሰብ ከይረኽቦ ፕረዚደንት ኢሳያስ ድሕሪ ምእዛዙ ኸኣ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝተላእኩ ሓለዋ ይከታተሉዎ ኣለዉ። ኮለኔል ተስፋልደት ስዩም ክዛረብ ኣይክእልን ዘሎ። ኩነታት ጥዕንኡ ኣብ ኣዝዩ ኣስጋኢ ደረጃ ይርከብ ኣሎ።

## 135 እሱራት ፖለቲካ

ኣብ ከባቢ ማይተመናይ (ኣስመራ)፡ ከባቢ እንዳ ኣቡነ ኣረጋዊ ኣብ ዝርከብ ቤት-ማእሰርቲ ተኣሲሮም ዝነበሩ 135 ናይ ፖለቲካ እሱራት ብ13 ታሕሳስ 2008 እቲ ስርዓት ናብ እምባትካላ ኣግዒዙዎም።

## ሳዋ

ብ13 ታሕሳስ 2008 ኣብ መደበር ታዕሊም ሳዋ፡ መንእሰይ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ንመሰሉን ድሕነት ህዝቡን ብምልዓል፡ ኣሰር እቶም ተለዓዒሎም ዘለዉ ኣሕዋቱ ኣባላት ሰራዊት ክስዕብ ዝጽውዕ ወረቓቕቲ ተዘርጊሑ ሓዲሩ። እቲ ጽሑፋት ኣብዚ ሃገር መጕሓፌ ኒኾሌራዊ ሓተላ ኮይናትሉ ዘላ እዋን፡ መንእሰይን ተማሃራይን ምእንቲ ሃገሩ ምስ ዝለዓል ዓጋቲ ከምዘይብሉ ዓወቱ ጭቡጥ ምዃኑ'ውን ይሕብር።

እዚ ጽሑፍ'ዚ ዝሓዘ ወረቓቕቲ ኣብ መምሃሪ ክፍልታት፡ ኣዕኑድ ኤለትሪክ፡ ከምኡ'ውን ክፍልታት እንዳፎርኖ እዩ ተጠቂዑ።

ብዘይካ'ዚ ሓንቲ ተማሃሪት ዩኒቨርሲቲ ዝነበረት መንእሰይ ንኩነታት ናይቲ ስርዓት እተቃልዕ ግጥሚ ኣብ ቴፕ-ካሴት መሊኣ ዘርጊሓ። መሰለይ እትብሃል (ሕታም ቁ 6)'ውን ብተመሳሳሊ ተበቲና። በዚ ምኽንያት፡ ኩሉ ኣብ መዓስከር ሳዋ ዝካየድ ንጥፈታት ተቛሪጹ ውዒሉ። ብፍላይ እቶም በዚ ራዕዲ ዝኣተዎም ኣካየድቲ ሳዋ፡ ነቲ ዝተዘርግሐ ወረቓቕቲ ክእክቡ ሸበድበድ ኢሎም፡ ነቶም መንእሰያት ዝኾነ ዝረኸቡዎ ወረቐት ከረክቡዎ ብምእዛዝ 36 መንእሰናት ኣሲሮም ኣለዉ።

## ባረንቱ ህድማ ካብ ቤትማእሰርቲ

ኣብ ባረንቱ ኣብ ፕሪማካንቴሪ ዝብሃል ቦታ ተኣሲሮም ብጽኑዕ ዝሕለዉ ዝነበሩ ኣባላት ሰራዊት ብዘደንቕ ውዳበ ካብ ቤትማእሰርቲ ምምላጦም ኣዛራቢ ጉዳይ ኮይኑ ቀንዩ ኣሎ።

ሓዊ ለይቶ

ምንጪ ሓበሬታ፡ ኣሰና-ኦንላይን.ኮም፡ 16 ታሕሳስ, 2008